Mr. Diijon DaCosta, Sr.፡ *ኣቦ-መንበር ቦርድ*
Mrs. Deirdre P. Pierce, *ምክትል ኣደ-መንበር*
Mrs. Anna Hill
Mrs. Whitney McGinniss
Mrs. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣማሕዳሪት*

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

16 ነሓሰ 2024

**ዝርከብ ሰብ፥**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

# DCSD፡ ንስርዓታት ፈተሻ (ምጽንጻን) ብረታት ኣብ መሳለጥያታት ስፖርትን ካልኦት ኣብያተ-ትምህርትን የስፋሕፍሕ

*ቴክኖሎጂ፡ ካብ ሎሚ ምሸት ጀሚሩ ኣብ ኩሉ'ቲ ኣብ DCSD ዝካየድ ጸወታታት ኩዑሶ ኣብ ጥቕሚ ኪውዕል እዩ*

(STONE MOUNTAIN, GA)— DeKalb County School District (*DCSD*)፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024-25 ኣብቲ ዘለዎ መወዳደሪ ቦታታትን ካምፓሳትን ንስርዓት ፈተሻ ብረታት *Evolv Express®* ብምስፍሕፋሕ ድሕነት ከምዚጠናኸር ኪገብር እዩ።

እዚ ኣብ መላእ ኣውራጃ ኣብ ዝርከባ 41 ኣብያተ-ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃን ካልኣይ ደረጃን ብግብሪ ውጽኢታዊ ዚኾነ ልዑል ቴክኖሎጂ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሓሙሽተ ስታድዮማት ኩዑሶ እግሪ፡ ኣብ ሽድሽተ ተወሰኽቲ ፕሮግራማት ካልኣይ ደረጃን ኣብ ዋና ምምሕዳር DCSDን ኣብ Stone Mountain ኣብ ዚርከብ ህንጻ ምምሕዳርን ምስትምሃርን (Robert R. Freeman Administrative & Instructional Complex) ኪትከል እዩ።

ኣብ DCSD ኣብ ዚካየድ ውድድራት ኩዑሶ እግርን ኩዑሶ ሰኪዔትን ንኺሳተፉ ዚመጹ ገያሾ፡ ካብዚ ወቕቲ'ዚ ጀሚሩ፡ እቲ ብስርዓት Evolv ዚውሃብ እተጠናኸረ ድሕነትን ርግኣትን ኪረኽቡ እዮም። እዚ ኣብ መወዳደሪ ቦታታት ልዑል ዝደረጃኡ ዓይነታት ስፖርት፡ ማእከላት ሙዚቃዊ ምርኢት፡ ኣብያተ-ትምህርትን ካልእ ህዝባዊ መሳለጥያታትን ብብዝሒ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ኣዝዩ ዘመናዊ ዝኾነ ቴክኖሎጂ፡ ትኽክለኛን ስሉጥን ፈተሻ ስግኣታት ንምግባር ኣዝዩ ሓያል ዝኾነ መጻናጸኒ ቴክኖሎጂ፡ ሰብ-ሰርሖ ብልሕን ኣጠቓላሊ ዝኾነ መመርመሪ ቦታታትን ዚጥቀም እዩ።

"እቲ ሰባት ብዛዕባ ስርዓት ፈተሻ ብረታት EVOLV ኣዝዮም ዝፈትዎ ሓደ ነገር፥ ውልቀሰባት፡ ጠጠው ከምዚብሉ ከይተገብረ፣ ንጁባታቶም ወይ ሳንጣታቶም ተጕርጕሩ ከምዝወጽእ ከይተገብረ ወይ ድማ ነዊሕ ሪጋ ከይገበሩ ከምዚንቀሳቐሱ ዚገብር እዩ" ብምባል ኣዛዚት ፖሊስ DCSD፡ Tracey Whaley ተዛሪባ። "ነቲ መደበራት ብቐጥታ ዚከታተሉን ኬጋጥም ተኽእሎ ንዘለዎ ሓደጋታት ወይ ስግኣታት ብዝቐልጠፈ ኣገባብ ኣለልዮም ዜወግዱን ብፍሉይ ዝሰልጠኑ ሰራሕተኛታት ድሕነት ስለዘለዉና ከምዚ ክንገብር ንኽእል ኢና።"

ኣውራጃ፡ ነቲ ዘለዎ [ፖሊሲ ሓደጋ-ዘይብሉ ሳንጣ (Clear Bag Policy)] ብቐጻሊ ከምዘጠናኽሮ ድማ ኣዛዚት ፖሊስ Whaley፡ ነቶም ኣብ መደባት ስፖርት DCSD ዝሳተፉ ኩሉ ሰባት ኣዘኻኺራ።

ምስፍሕፋሕ *Evolv Express®*፡ ኣካል ናይቲ ብDCSD ቀጻሊ ጻዕሪ ዚካየደሉ ቀዳማይ ዕላማ'ዩ፣ ንሱ ድማ፥ ውሑስ ሃዋሁ ንኹሎም ተማሃሮ፡ ሰራሕተኛታት፡ ስድራቤታትን በጻሕትን ምፍጣርን ብቐጻሊ ከምዚህሉ ምግባርን እዩ።

XXX

Robert R. Freeman Administrative Complex
1701 Mountain Industrial Blvd. | Stone Mountain, GA 30083
678.676.1200 | www.dekalbschoolsga.org